

Bilde: Mostphotos

# ኣብዚ  ፕሮግራም መምርሒ ወለዲ ክትሳተፍ ፍቓደኛ ዲኻ?

**ኵሎም ወለዲ ንፉዓት ወለዲ ንወላዶም ክኾኑ እዩ ድሊቶም።**
**ካብቲ ዝዓበኻሉ ሃገር ወጺእካ ኣብ ካልእ ሃገር ወላዲ ኽትከውን ከለኻ ሓድሽቲ ጸገማት ኣለዎ። ኣብዚ መጽናዕታዊ ፕሮጀክት ብዛዕባ መምርሒ ወላዲ ንዓኻን ንስድራቤትካን ክንዕድመኩም ንደሊ ኢና። ኣብ ኖርወይ ዝነብሩ ካብ 6-12 ዝዕድሚኦም ውሉዳት ዘለውዎም፡ ናይ ስደተኛታት ድሕረ ባይታ ዘለዎም ስድራቤታት ኢና እንደሊ።**

### እቲ መጽናዕቲ  ኣብ ምንታይ ዘድሃበ እዩ?

ንወለዲ ነቲ ኸም ወለዲ መጠን ዘለዎም ሓላፍነት ንምድልዳልን ምስ ደቆም ጽቡቕ ርክብ ክህልዎም ንምሕጋዝን።
«መምርሒ ወለዲ» ነቶም ናይ ስደተኛታት ድሕረ ባይታ ዘለዎም ወለዲ ዝጠቕሞም እንተኹይኑ ንምፍላጥ።

### ኣብዚ መጽናዕቲ ብኸመይ ኢኻ እትሳተፍ?

ኣብ ሓደ ካብዚ «መምርሒ ወለዲ» ዝብሃል መደብ ክትሳተፍ ኢኻ። (ኣበየናይ ከም እትሳተፍ ብሃውሪ እዩ ዝምረጽ):

- እቲ “ዓለምለኻዊ መደብ ምዕባለ ቈልዑ” (ICDP) ዝተሰምየ መምርሒ ወለዲ 12 ሰሙን ይወስድ
- እቲ “ዘደንቓ ዓመታት” (DUÅ) ዝተሰምየ መምርሒ ወለዲ 15 ሰሙን ይወስድ

ኵሎም ተሳተፍቲ መጠይቕ ክምልሱ ክሕተቱ እዮም።ገሊኦም ስድራቤታት ከኣ ቃለ መጠይቕ ክሳተፉ ክሩቑሑ እዮም።
ብዘይካዚ ካብቶም ስድራቤታት እቶም ፍርቂ ብኣፕሊኬሽን ኣቢሎም ምላሽ ክህቡ ክሕተቱ እዮም።
ኵሉ ናይ ዉልቅኻ ሓበሬታ ብምስጢር እዩ ዝተሓዝ።

### ብምስታፍካ እንታይ ትረብሕ፦

ብጉጅለ ኣብ ዝግበር መደብ መምርሒ ወለዲ (DUÅ/ ICDP) ክትሳተፍ ትሕተት ትኸውን። እቲ ብጉጅለ ምስራሕ ድማ ምስ ካልኦት ወለዲ ኣብ ምርኻብን ተመክሮ ክትለዋወጥን ይሕግዘካ እዩ። እቲ ዕላማ፡ ኣደ ወይ ኣቦ ካብቲ ዝገብርዎ ንደቆም ዝጠቕሞም ፈሊጦም ንፉዓት ወለዲ ክኾኑ ንምሕጋዝ እዩ። ነቲ ሳልሳይን ራብዓይን ሕቶ ምስ እትምልሱ፡ ናይ ህያብ ካርድ ክወሃበኩም እዩ።

### መን ክሳተፍ ይኽእል?

ኣብ ኖርወይ ዝነብሩ ካብ 6-12 ዝዕድሚኦም ውሉዳት ዘለውዎም፡ ኣብ ዝሓለፈ 9 ዓመት ኣብ ኖርወይ እተቐመጡ ስድራቤታት።

### ብኸመይ ክትሳተፍ ትኽእል?

ኣብ ድሕሪት ገጽ እዛ ብሮሹር ንዘሎ መምርሒ ርአ።

# ኣብዚ መጽናእቲ ክትሳተፍ እንተ ተሰማሚዕካ፡ ስምምዕካ ብወረቐት ወይ ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ ክትገልጽ ትኽእል ኢኻ።

**ከመይ ጌርካ ብመንገዲ ኢንተርነት ናይ ተሳታፍነት ስምምዕ ትሰድድ:**

- ኣብዚ ናይ PIRM መጽናዕታዊ ሊንክ እቶ፡- https://uit.no/forskning/pirm
- ነቲ «ስምምዕ» ብዝመረጽካዮ ቋንቋ ጠዊቕካ ምረጽ። ኖርወጅያኛ፡ እንግሊዝኛ፡ ሶማልኛ፡ ዓረብኛ፡ ፈረንሳይኛ፡ ስዋሂሊ፡ ቱርክኛ ወይ ትግርኛ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።
- ብ MinID እቶ ወይ ተጠቀም።
- ኣብዚ መጽናዕቲ ክትሳተፍ ቅድሚ ምስምማዕካ፡ ነቲ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ብደንቢ ኣንብቦ።
- ሙሉእ ሓበሬታኻ ኣእቲኻ ልኣኮ።

**ብወረቐት መልክዕ ስምምዕካ ንምግላጽ፡ ኣብ ከባቢኻ ምስ ዘለዉ ኣካየድቲ እዚ ፕሮጀክት ተራኸብ እሞ፡ ብኸመይ ከም እትሳተፍ ክሕግዙኻ እዮም። ትረኽቦ ሰብ፡-**

— — — — — — — — — — — — — — — —

— — — — — — — — — — — — — — — —

ንሕና ኣብዚ ፕሮጀክት ዘለና ኣብ ምጅማር እዚ ፕሮጀክት ክንዉከሰካ ኢና። እቲ ኩሉ ዝኣከብናዩ ሓበሬታ ብዉሑስ ዝኮነ መንገዲ ክኽዘንን ብልዑል ሚስጥር ክተሓዝን እዩ። ኣብዚ መጽናዕቲ ምስታፍ ወለንታዊ እዩ። ኣብ ዝደለኻዮ ግዜ እውን ክትሓድጎ ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ መጽናዕቲ እትገብሮ ተሳትፎ ካብ ማእከል ጥዕና ኣብ እትረኽቦ ዝኾነ ይኹን ጥቅምታትን ኣገልግሎትን ዘስዕቦ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣይክህሉን እዩ።

ብዛዕባ እዚ መጽናዕቲ ዝምልከት ዝኾነ ይኹን ሕቶ እንተ ኣልዩካ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ርኸበና፡- ማእከል ፍልጠት ቈልዑን መንእሰያትን ሰሜናዊ ዞባ (RKBU Nord)፡ ኣዋሃሃዲ ናይ እዚ ፕሮጀክት ጆሽዋ ፓትራስ፣ ኢመይል፡- pirm@uit.no ወይ ተሌፎን፡- 77 64 62 65

UiT RKBU Nord

NTNU
Regionalt kunnskapssenter for barn og unge – Psykisk helse og barnevern

Bufetat

KAVLI FONDET

NORCE

Regionsenter for barn og unges psykiske helse
Helseregion Øst og Sør